# ናይ ዝስተ ማይ ጸገም ኣብ ዝህልዉሉ ግዜ

ኣብ ግዜ ስራሕ ወይ ድሕሪ ስራሕ፡ ኣብ ትቦታት ናይ ማይ ሕብሩ ዝቀየረ ማይን ኣየርን ክህሉ ይኽእል። እዚ ኣብ ዘጋጥመሉ ነዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ዘክር።

## ሕብሩ ዝቀየረ ማይ

ድሕሪ ምትዕርራይ ትቦታት ናይ ማይ ቢጫ ወይ ቡናዊ ዝሕብሩ ማይ ክመጽእ ንቡር እዩ፡ እዚ ኸኣ ብምኽንያት ናይቲ ኣብ ትቦታት ተኣኪቡ ዝጸንሐ ድሕሪ ምዝላቁ እዩ ዘጋጥም። መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ሕብሩ ዝተቀየረ ማይ ንጥዕና ጎዳኢ ኣይኮነን ግን ልዕል ዝበለ መጠን ፓርቲክላት፡ ሓጺን ፡ማግኔዝዩም ከምኡ ውን ኣብ ገለ እዋን ባክቴርያ ክህልዎ ይኽእል።

- ✓ **ትቦታት ናይ ማይ ኣጽርዩ**
  ነቲ ቡምባ ብሓይሊ ከፊትኩም ብምፍሳስ ከምኡ ውን ሽንት ቤት ፍላሽ ብምግባር እቲ ሕብሪ ናይ ማይ ክሳብ ዝጸሪ ኣፍስስዎ። ካብ 10 ክሳብ 15 ደቃይቅ ምስ ዝወስድ ናብ VA-kundtjänst ደውሉ።

- ✓ **ሕብሩ ዝተቀየረ ማይ ኣይትስተዩ**
  ዓቀን ጽርየት ናይ ማይ ክወሓስ ስለዘይክእል፡ እቲ ዝስተ ማይ ዝግ ዝበለ ምስ ዘይከውን ብምኽንያት ልዑል መጠን ናይ ባክቴርያ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ቅድሚ ማይ ምስታይና ምስ ነፍልሖ እቶም ኣብቲ ማይ ዝነበሩ ባክቴርያታት ይሞቱ።

- ✓ **ሕብሩ ዝቀየረ ማይ መግቢ ክንሰርሓሉ ንኽእል**
  እቲ ማይ ጽቡቅ ምስ ዝፈልሕ ንድንሽ፡ እንቃቅሖን ፓስታን መጠጠቂ ክንጥቀመሉ ንኽእል።

- ✓ **ሕብሩ ዝቀየረ ማይ ሕብሪ ናይ ክዳን ክልውጥ ይኽእል**
  ማይ ሕብሩ ዝቀየረ ምስ ዝኸውን ጻዕዳ ወይ ብርህ ዝበለ ሕብሪ ዘለዎ ክዳን ካብ ምሕጻብ ተቖጠቡ

## ንፋስ ኣብ ትቦታት

ድሕሪ ምትዕርራይ ኣብ ትቦታት ናይ ማይ ኣየር ክህሉ ይኽእል። እዚ ኸኣ ቡምባ ምስ እንኸፍት ምስ ማይ ዝወጽእ ንፋስ ክንዕዘቦ ንኽእል። ሕብሪ ናይቲ ማይ ከኣ ሓሙኹሽታዊ ጻዕዳ፡ ደባን ወይ ጸባ ዝመስል ይቅየር። እቲ ኣብ ማይ ዝርከብ ዓፍራ ቀልጢፉ ዝጠፍእ ኮይኑ ንጥዕናና ጎዳኢ ኣይኮነን።